# ሰንበት ዘመፃጉዕ

## መጋቢት 22 2016 ዓ.ም.(3/31/2024)

**መዝሙር፡** አምላኩሰ ለአዳም... ንአዳም አምላኹ ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ አይሁድ ንኢየሱስ ብናይ መን ስልጣን ኢኻ እዚ እትገብር ዘሎኻ በልዎ ንሱ ኸአ አነ እገብር አሎኹ ንስኹም ከአ ብግብረይ እመኑ አነ ጎይታ ሰንበት እየ ንምሕረት ከአ አብአ እየ፥ ንአይ አብ ምድሪ ኃጢአት ክሓድግ ተፈቒዱለይ እዩ። ናጽነት ክሰብኽ ንዕዉራት አዒንቶም ከብርሃሎም ከአ አቦይ ልኢኹኒ እዩ።

**ንባባት፡** ገላ. 5፥1-ፍ፥ ያዕ. 5፥14-ፍ፥ ግ.ሓ. 3፥1-12፥ ዮሓ. 5፥1-18።

**ስብከት፡** እግዚአብሔር ይረድኦ ውስተ ዓራተ ሕማሙ፥ወይመይጥ ሎቱ ኵሎ ምስካቢሁ እምደዌሁ፤አንሰ እቤ እግዚኦ ተሣሃለኒ፥ሓሚሙ ምስ ደቀሰ እግዚአብሔር ይድግፎ፥ ካብ ሕማሙ ድማ የሕውዮ።አነ ኸአ ኦ ጎይታይ በዲለካ እየ እሞ ምሓረኒ ካብ ሕማመይ ከአ አሕውየኒ መዝ. 41፥3-4።

ዘመን ጾም ናይ ምሕረትን ሕድገትን ጊዜ እዩ። መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ በዚ ሰንበት ብዝተፈላለየ ሕማም ዝሳቐዩ ንዝነበሩ ከም ዘሕወየ ማለት ልሙሳት፥ ዕዉራት፥ ሓንካሳት ከምኡ ብሩኹሳት መናፍስቲ ይሳቐዩ ንዝነብሩ፥ ብሕማም መጻጉዕ ዝሳቐዩ ዝነበሩ ካብ ኩሉ ሕማሞም ብምዓልቲ ሰንበት ከም ዘሕወዮም ናይ ሎሚ ወንጌል ይነግረና። ደቂ ሰብ ብዝተፈላለየ ሕማም ከም ዝሳቐዩ ኩሉ ጊዜ እንርእዮ ነገር እዩ። ኩሉ ሕሙም ክሓዊ ይደሊ። ክንሓዊ ኢልና ዘይንገብሮ ነገር የለን ገንዘብና ጊዜና ኩሉ ዘሎና ምእንቲ ጥዕናና ክነጥፍኦ ድሕር አይንብልን ኢና። ጥዕና መዘና የብሉን ኩሉ ድሕሪ ጥዕና እዩ። ሎሚ ብዝያዳ ዘገድሰና ዘሎ መንፈሳዊ ጥዕናና እዩ። እዋን ጾም ከአ መድኃኒት መንፈስ ዝርከበሉ ጊዜ እዩ። መንፈሳዊ ጥዕናና ሎሚ አብ ቅድሚ ሓኪምና ዝኾነ ኢየሱስ ቀሪብና ክንሓዊ ሕማምና ንንገሮ። ሕማሙ ዝሓብእ ሰብ ክሓዊ ከቢድ እዩ ነፍሲ ወከፍና አብ ልብና አቲና ምስ ሰማያዊ አቦና ሕማምና ንተአመን።

ንኹልና ዝቐርበልና ሕቶ ክትሓዊ/ውዱዶ ትደልዶ/ይዶ እዩ። እናተሳቐየ እሞ ሰባት ዝርእይዎ ስቓይ ሒዙ ክነብር ዝደሊ የለን። ንሕና ብባህርና ሕማምና ክንገልጽ ፍቓደኛታት አይንኸውንን ኢና እዚ ግን ንሕማምና የግድዶ። ኢየሱስ ሎሚ አብ ጎንና ቀሪቡ ጸገምና ሕማምና ክሰምዕ ክንገልጸሉ ይደሊ አሎ። ፍቓደኛታት ከይኮና ንሱ እውን ከሕውየና አይክእልን እዩ። እታ ሓንሳብ ዝሃበና ነጻነት ከሕድገና አይደልን እዩ፥ ከይደለና ከሕውየና ዘይክእል ኮይኑ ዘይኮነ ንሱ ብፍቓዱ እቲ ደለት ካባን ክብገስ ስለ ዝደለ እዩ።

ወንጌል ዮሓንስ ን38 ዓመት አብ ዓራት ዝማሰነ ሰብ ብተስፋ ሓደ መዓልቲ ክሓዊ እኽእል እየ ኢሉ እና ተጸበየ እንከሎ ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ አብቲ ንሱ ዘለዎ መጺኡ ከም ዝረኸቦ ይነግረና። አብዚ ብዙሕ እንምሃሮ አሎና። እግዚአብሔር ብብዙሕ መገዲ ምሕረቱ ይህበና ሓደ ካብዚ ማጨሎት እዩ፥ አብ ዓድና ዝተፈላለየ ማጨሎታት አለዉ ብዙሓት እውን አብኡ ከምዝሓወዩ ዝነግሩ አለዉ ግን ኩሉ አብ ማጨሎት ዝተሓጽበ ይሓዊ ማለት አይኮነን። እዚ አብ ማጨሎት ቤተ ሳይዳ ዝተገብረ አምሳል ጥምቀት እዩ። ብጥምቀት ካብ ኃጢአትና ንነጽሕ። አብ ቤተ ሳይዳ ሓደ ሰብ እዩ ሓውዩ ብጥምቀት ግን ኩሎም ዝተጠምቁ ይሓውዩ። ኢየሱስ ነዚ ንዓመታት ማሲኑ ዝነበረ ሰብ ክትሓዊዶ ትደሊ እናበለ ሓቲትዎ፥ ምናልባት እዚ ሕቶ ነቲ ሕሙም ገሪምዎ ይኸውን እንተ ዘይደሊ ድአ አብዚ እንታይ ክገብር መጺኤ እወ ምበሎ እንተኾነ ንሱ ዝበሎ እወ

እንተ ኾነ ሰባት ይቕድሙኒ ኮይኖም ዝሕግዝ የብለይን እናበለ ሓሳቡ ገሊጹ ዝሕግዞ እንተ ረኺበ ኢሉ።

ኣብ ጉዳይ ድሕነት ሓገዝ የድልየና እዩ። ሰባት ኣብ ኣምላኽ ከቕርቡና ናይ እዚ ኣብነት ንጴጥሮስ ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ከም ዝብለና ኣብ ኢየሱስ ዘቕረቦ ሓዉ እንድርያስ እዩ፥ ካብ ዘሎናዮ ክንቅይር ኣብ ገለ እዋን እቲ ኩነታትና ይሕግዘና እዩ፥ ኣብ ሉቃስ እቲ በታኒ ወዲ ኩነታቱ ንቤት ኣብኡ ከም ዝደሊ ገርዎ።ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ባዕልና ክንቀርብ እንከሎና ዝበለጸ እዩ፥ ኣይኮነነ ከኣ ብካህና፥ ብጦዑያት ሰባት ንዝቐበልና ሓገዝ ክንሰምዕ ይግባእ።ልብኻ ዓጺኻ ንበይንኻ ብዙሕ ጊዜ ካብ ኣምላኽ የርሕቐና። ክንትሓጋገዝ ድልይ ኣምላኽ እዩ። እዚ ልሙስ ዝሕግዞ ደልዩ ን38 ዓመት ተጸብዩ፥ ኢየሱስ ኣብ ዘለዎ መጺኡ ሓጊዝዎ። ሎሚ ኣብ ኢየሱስ ኣብ መንበረ ኑዛዜ ቀሪብና ክንሓዊ ንለምኖ።

ክንሓዊ ድልየት ክነርኢ የድሊ፥ ድለትና ካብ እምነትና ዝተበገሰ ክኸውን እንከሎ ኣምላኽ መዓልቱ ሓልዩ ይምልሰልና።ብዙሕ ጊዜ ጸገምና ክንምሓር እምበር ምሉእ እምነት ገርና ኣይንቐርብን። ኣብ መንበረ ንስሓ እንገብሮ ኑዛዜ እምነት ዝተሓወሶ ክኸውን እንከሎ ጥራሕ ኢና እንምሓር እምበር ብስም ስርዓት ፈጸምና ንምሓር ማለት ኣይኮነን።

ተንስእ ዓራትካ ጸርካ ኪድ ዝብላ ቃላት ምስ ሰምዐ ብቕጽበት ሓውዩ ይብለና ወንጌል። ቃላት ኢየሱስ መለከታዊ ሓይሊ ዘለወን ስለ ዝኾና ነቲ ሕሙም ከሕውያኦ ደቒቕ ኣይወሰደን። ወዮ ሰብኣይ ንዓመታት ማሲኑ ዝነበረ ከም ኩሉ ሰቡ ሓውዩ ንኣምላኹ ከመስግን ኣብ ቤተ መቕደስ ኣትዩ። እታ ን38 ዓመት ዝጾሮ ማእሲ ሕጂ ንሱ ጸርዋ ካብቲ ቦታ ከይዱ።ጨሪሹ ሓዲስ ሕይወት ሒዙ። ኣብ መንበረ ኑዛዜ ዝምፍጸም ምሕረት ነዚ መልክዕ ዝሓዘ እዩ።

ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ ክንሓዊ ካብቲ ንዓመታት ጸቒጡ ሒዙና ዘሎ ብዝያዳ መንፈሳዊ ሕማምና ክንሓዊ ሎሚ እውን ኣፍደገ ምሕረቱ ክፉት እዩ። ንሱ ብካህናቱ ገሩ ኣነ ካብ ኃጢኣትካ/ኪ እፈትሓካ/ኪ ኣሎኹ ኢሉ ብስም ስላሴ ክፈትሓና እንከሎ ሽዑ ንሽዑ ካብ ኃጢኣትና ንነጽሕ።

መንበረ ኑዛዜ ዝናዘዘሉ ውሒዱ ሰብ ምስ ኃጢኣቱን ክፍኣቱን ክነብር መሪጹ ወይ ከኣ ኣብ ኣምላኽ ዘይንሳሕ እንታይ ኣብ ሰብ ከማይ ኣናዘዘኒ እናበለ ብናይ ገለ ትምርትታ ተጸልዩ ንንስሓ በቲ ክርስቶስ ዝመሃረና ኣገባብ ንኸይንገብር ምኽንያት ይኸውን ኣሎ፥ እንተ ኾነ እንተ ዘይተነሳሕና ኣብ መንግስተ ሰማይ ኣይክንኣቱን ኢና።

በዚ እዋና ክንሓዊ እንታይ ንግበር ነፍስወከፍና ክንሓውየሉ ዝግብኣና ሕማማት ኣሎና፥ እንታይ እዩ ሕማምና ስለምንታይከ ንዓመታት ጸርናዮ ክንከይድ እንደሊ? መንዩ ከሕውየና ዝኽእል?

ወንጌል ነቲ ቀንዲ ነገራት እዩ ዝሕብረና፥ ክንሓዊ እንተ ኾና ነዚ ዝስዕብ ክንገብር ኣሎና፥

- ክንሓዊ ድለት ክህልወና ኣለዎ። ሕሙም ክሓዊ ዝክኣሎ ክገብር ኣብቲ ክሓውየሉ ዝክእል ክኸይድ፥ ንስቓይ ሓሊፉ ራህዋ ከም ዝመጽእ ርእዩ ክኽእል ይግባእ። ብትዕግስቲ ንስቓይ ብዓይኒ ምሕረት ርእዩ እንተ ኸኣለ ሕማሙ ጊዜ እንተ ወሰደ እውን ክሓልፎ ይኽእል እዩ። ኣብ ጉዕዞ ምሕዋይ ዝርከብ ሰብ ድለቱን ሞራሉን ወሳኒ እዩ፥ ከምኡ ክኸውን እንከሎ ተኽእሎ ናይ ምሕዋይ ኣሎ። ኣብ መንፈሳዊ ሕውየት ልክዕ ከምኡ እዩ። እግዚኣብሔር ብተኣምራት ኣይ ኮነን ካብ ኃጢኣትና ዘንጽሓና፥ ካብ ዓዘቕቲ ኃጢኣትና ክንሓዊ ናታትና ድለትን ተበግሶን የድሊ። ንጉዕዞ ንስሓ ክንተሓሓዞ ኣሎና። በዲለ ተጋግየ ክሳብ ዘይበልና ክንሓዊ ከቢድ እዩ።
- ኣብ ኢየሱስ ክንቀርብ ኣሎና። ምሕረት ካብ ኣምላኽ እዩ ዝውሃበና። ምስኡ ክንራኸብ ጸገምና ክንገልጸሉ፥ ልብና ከፊትና እቶ ክንብሎ፥ እሞ ምስኡ ዕላል ክንጅምር ይግብኣና። ኣምላኽ ክሳቕ ዝደልዮ ሰብ የለን፥ ኣብ ገለ ዘረባና እዚ ኣምላኽ እንታይ ገረዮ

እናበልና ንጸገምና ኣብ ኣምላኽ እነቕንዕ ኣሎና። እዚ ግን ጌጋ እዩ፥ ኣምላኽ መሓሪ ፈቃር እዩ። ኣብ ገለ እዋን ምስጢር ኣምላኽ ስለ ዘይግለጸልና ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና ካባና ዝድለ ንኹሉ ኣብ ኣምላኽ ኣቕሪብና ክንክእል።

- ሎሚ ክንሓዊ ኃጢአትና ክንሳሕ ኣሎና፡ በዚ ሎሚ ንብዙሓት ዝኸብዶም ኣብ መንበረ ኑዛዜ ቀሪብካ ብኃጢአትካ ምእማን እዩ። ከይተናዘዝኩ ክንደይ ገረ ኣሎኹ ኢልና ሕልናና ክንሓትት ኣሎና። ወላ እውን 38 ዓመት ከምዚ ልሙስ ሰብ ንግበር ሎሚ እውን ምሕረት ኣምላኽ ክፉት እዩ። ኃጢአቱ ዘይንሳሕ ሰብ ሰላም ሓጎስ ቅሳነት ክረክብ ከቢድ እዩ። ክንሳሕ ግድን እዩ። ጊዜ ጾም ብፍሉይ ብኃጢአትና ተአሚና ንሥጋን ደምን ክርስቶስ ብንጹሕ ልቢ ክንቅበሎ ይግባእ። ሎሚ ነቲ ኃጢአትና ከይንንሳሕ ዓጊቱና ዘሎ ዝኾነ ኃጢአትና ንስዓሮ። ኣብ ኣምላኽ ንመለስ።

ኃጢአቱ ተአሚኑ ኣብ ክርስቶስ ዝቐረበ ተንስእ ኃጢአትካ ተሓዲጉልካ/ኪ እዩ፥ ዝብላ ቃላት እዩ ዝሰምዕ። ሎሚ በዚ ቅዱስ እዋን ጾም ኣርብዓ ኣብ ጉዕዞ ንስሓ ኣብ ዘሎናዮ እዋን ኣብ ልብና ኣቲና ምስ ኣምላኽናን ከማና ምስ ዝበሉ ዕርቂ ንፍጠር። እንተ ተነሳሕና ክንሓዊ ምስ ሰብ ክንሕወስ ኢና ንኣምላኽ ከአ ክንመስሎ ኢና።

ኦ ኢየሱስ ኣምላኸይ ካብ ኃጢአተይ ኣንጽሓኒ ነቲ ንዓመታት ኣብ ልበይ ዓቍረዮ ዝጉዓዝ ዘሎኹ ክፍአተይ ሎሚ ካብኡ ክነጽሕ እንታይ ትደሊ በለኒ ኣነኸ ክነጽሕ እየ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ